# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNAINK@aol.com

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

01/23/08

### መግለፂ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
### ንመበል 33 ዓመት በዓል ለካቲት 11

ናይ ህዝብታት ብሄራዊን ደርባዊን ወፅዓታት ካብ ስረ መሰረቱ ንምንቃል ፈላማይት ርችት ሓርነት ደሚ.ቓ ካብ ኣፈሙዝ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ትግራይ ዝተተኮሰትላ ፋና ሓርነት ዝተወለዐትላን ዕለት ለካቲት 11 ኩሉ መዳያዊ መሪር መስዋእትነት ተኸፊሉላ ኣብዚ ሎሚ ዘለናዮ መድረኽ ኮይንና ብኹርዓት ነኽብረሉ ዘለና እዋን ብሓደ ወገን

- ሓዱሽ ምእተ ዓመት ማለት ሚለንየም ኢትዮጵያ 2000 ኩሎም ብሄር ብሄረ ሰባት ኢትዮጵያ ብምክብባርን ምትሕብባርን ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነት ሃገርና ክጠናኸር ሓባራዊ መዝሙር ቃልኪዳን ዝዘመረሉ፣
- ኣብ ሃገርና ዘለዉ ናይ ዝተፈላለዩ ሃይማኖትን ያታን መሰላት ተኸቢሮም መርኣያ ድምቀትናን ዝተፈላለየ ሕብርታት ካብ ዘለዎ ስንዲድ ከምዝተሰርሐት መካተሻ ጥቡቕ ዝምድና፣ ነፀብራቕ ፅባቐናን ምክእኣልናን ኾይኑ ካብ ማንም ሃገር ንላዕሊ ዝተመስከረሉን ዓለም ዘስደመመ ሃገራዊ ኽብሪን ልዕልነትን ዝተራእየሉን፣
- ኣብ ዝቕፅል ውሱናት ዓመታት ሃገርና ካብ ናይ ድኽነት መስመር ወፂኣ ብኹለ መዳያዊ ምዕባለ ማእኸላይ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ምርግጋፅ ከም ሸቶ ተታሒዙ ዕማመ ዝተጀመረሉን IMF ኣብ ናይ 2007 ዘውፅኦ ዳታ ኢትዮጵያ ተርእዮ ዘላ ቅልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ኣብ ኣፍሪካ መፍረይቲ ነዳዲ ካብ ዘይኮኑ ሃገራት ቐዳማይ ደረጃ ዝሓዘት ምኻና ዝተመስከረሉ፣
- World Bank ኢትዮጵያ ብተኸታታሊ ተመዝግቦ ዘላ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዘደንኾን ብኣብነት ዝጥቀስ ምኻኑ ብምቕማጥ ብዕብየት ግሮስ ናሽናል ፕሮዳክት ካብ ኣፍሪካ መበል 9ይ ዝተሰርዐት ምኻናን ኣድላይ ዘበለ ሓገዛት ብዝልዓለ ደረጃ ከምዝወሃባ ዘረጋገፀሉ፣
- ምእንተ ነዚ ሎሚ ዘለናሉ ብሩህ ተስፋ ሰላማዊን ዴሞክራሲያዊን መድረኽ፣ልምዓትን ዕብየትን ሃገር መስዋእትነት ካብ ዝኸፈሉ ዓሰርተታት ኣሽሓት ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ በጋጣሚ ህይወቶም ተሪፉ ነገር ግን ዓይነ ብርኮምን ኣካላቶምን ዝገበሩ መርኣያ ጅግንነት ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ኣካለ ጉዱኣት ኩናት ትግራይ ናይ ምሕጋዝ መደብ

ንምዕዋት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ምስ ኩሉ ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ ብምትሕብባር ኣብዝገበሮ ርኡይ ምንቅስቓስ ልዕሊ 270,000 (ክልተ ሚኢትን ሰብዓን ሽሕ) ዶላር ሓገዝ ኣብ ዘተኣኻኸበሉ፣

ብኻልእ ወገን ድማ

- ሓደ ሓደ ተቓወምቲ ሓይልታት ንዘመናት ሰሪቶም ዝነበሩ ዘይፍትሓዊን ዘይዴሞክራሲያዊን ስርዓታት ፈሪሶም ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት በግባቡ ተጠቒሞም ኣብ ናይ ሃገርና ኢኮኖሚያዊ፣ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ለውጥታትን ምዕባለን እጃሞም ክንዲ ምውፋይን ትርጉም ዘለዎን ንህዝቢ ዝረብሕ ዕላማን ፕሮግራምን ሓንጺዖም ናይ ህዝቢ ተቐባልነት ካብ ምርካብ ነቲ ዘሎ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት መብዛሕትኡ ሓቂ ብዘይብሉ መፀለምታ ኣብ ምንዛሕን ድሕር እንትብል ድማ ነንባዕልቶም ናብ ምውንጃል ዝወረዱሉን ደገፍቶምን ኣባላቶምን ደንበርበር ኣብዝበልሉን፣
- ናይ ሃገርና ኢትዮጵያ ኩለ መዳያዊ ለውጥታትን ምዕባለን ዘቃፀሎም ናይ ውሽጢ ፀረ ሰላም ከምኡውን ናይ ወፃእ መኸረርቲ እስላማዊ ሓይልታትን ብዝተፈላለየ መልክዕን ስያሜን ግንባር እናፈጠሩ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዓለምለኸ ፅዕንቶን ማዕቐብን ንኽግበር ናይ ዝረባረቡ ውላድ ዝኾነ ቢል HR 2003 ብውልቀ ኣባላት ናይ ኣሜሪካ ኮንግረንስ ኣተሓባባሪነትን መሪሕነትን ተግባራዊ ንክኸውን ዓገርገር ኣብዝብልሉን መድረኽ ኮይንና በዓል ለካቲት 11,2008 እንትነኽብር ብሓፈሻ መስዋእትነት ኣሽሓት ጀጋኑ ተጋሩ ደቂ ህዝቢ ፍረኦም ዓወት፣ምዕባለ፣ፍትሒን ዴሞክራሲን፣ሓድነትን ማዕርነትን ህዝብታትን ብሄራትን ኮይኑ ብኾሳዕ ዝተረጋገፀሉን መስዋእትነቶም ዘልኣለማዊ ሓበንና ምኻኑ የርእየና፡፡ በዚ መሰረት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብ ኩሉ ኸባቢ ሰሜን ኣሜሪካ ንዝነብር ትግራዋይ ሓደ ኣብ ዝገብርዎ ሓባራዊ ረብሓን ዕላማታትን ዓሲሉ ምስ ማሕበሩ ተደጋጊፉን ንኽቕፅልን ብዘኽእል መልክዑ እዞም ዝስዕቡ መልእኽትታት የመሓላልፍ፣
  1. ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይና ድማ ብፍላይ ናይ ፍትሒን ዴሞክራሲን መሓውራት ምጥንኻር፣ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ምድልዳል ዝግበር ዘሎ ኩለመዳያዊ ርብርብ ዓቕምና ዝፈቐዶ ኹሉ ንምግባር ተጋሩ ነበርቲ ሰሜን ኣሜሪካ ሓድነትና ኣደልዲልና ንኽንሰርሕ፣
  2. ብፍላይ ድማ ሃገርና ካብቲ ንዘመናት እናሓሰያ ዝመፀ ከርፋሕ ድኽነትን ፖለቲካዊን ማህበራዊን ፀገማት ንምውፃእ እትገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ንሕና ኣብ ወፃኢ እንነብር ተጋሩ ናይ ሃገርና ኣዎንታዊ ገፅታ ዓለም ክፈልጦ ንምግባር ዘለና ዓቕሚ ኣዋፊድና ኣብ ሃገርና ኢንቨስትመንት ንምግፋሕ ዘሎ ምቹው ኩነት ክነርድእን ንባዕልናውን ክንጥቀመሉን፣

3. ናይ ትምክሕቲን ፀበብቲ ሓይልታትን ናይ ፅልኣት ፕሮፖጋንዳ ባይታ ንምስኣንን ንምምካትን ካልኦት ኢትዮጵያውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን ጭቡጥ ሃገራዊ ኩነታት ንኽፈልጡ ፃዕሪ ክንገብርን ድልዱል ምትእስሳር ክንፈጥር፣
4. ሃገርና ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ዓድታት ሰላማዊ፣ኣብ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ዝተመስረተ ማዕርነታዊ ዝምድና ከምዘለዋን በዚ መሰረት ውን ኩሎም ህዝብታት ጎረባብቲ ሃገራት ፈተውትናን ኣሓትናን ምኻኖም ኣብ ግምት ዘእተወ ፀረ ኹሎም ፍልፍል ራዕዲን ሽበራን ዝኾኑ ሓይልታት ኣትሪርና ክንቃለስ፣
5. ብድፍኢት ውሱናት ተቓወምቲ ሓይልታትን ሻዕቢያን ድሕረ መጋረጃ ድራማ ዝተሰነየ ናይ HR 2003 ቢል ብውሱናት ናይ ኣሜሪካ ኮንግረንስ ኣባላት ተዋሳእነት ተረቒቑ መስርሕ ፍትሒን ዴሞክራሲን፣ ልምዓትን ዕብዬትን ናይ ሓንቲ ሃገር ኣብ ከይዲ ናይ ነዊሕ ጊዜ ተሞክሮን ቃልስን ጠጢዑ ዓንቢቡ ፍረ ዘፍሪ ምኻኑ ብምርሳዕ ካብ ናይ ወፃኢ ሓያላን ሃገራት ብማንካ ከኹልሱ ወይ ድማ ኣመንጊጎም ከምዑጉ ምፍታን ዓርሰ እምነት፣ መሰል፣ ወሳንነትን ሉኣላዊነትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝዳፋእ ብምኻኑ ከምቲ ዘይትንከፍ ዝመስል ዝነበረ ህንዱድ ስርዓት ደርጊ ብነዊሕን መሪርን ቃልሲ ዝሰዓርናዮ ናይ ፍትሕን ዴሞክራሲን፣ሰናይ ምምሕዳር፣ ድኽነትን ድሕረትን ፀገማት ብዝተዋደደ ቃልሲ ህዝቢን ሕገ መንግስቲ ዝተቐበሉ ቅኑዓት ተቓወምቲን መንግስቲን ጥሙር ፃዕሪን ቃልስን ዝሰዓር ምኻኑ ብምእማን ጠንሰስቲ HR 2003 ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገርና ኣትዮም ንሕና ዝበልናኩምን ዝኣዘዝናኩምን ተቐበሉ ክብሉና ምንም ዓይነት ባይታ ከምዘይብሎም ብምርዳእ ፀረ HR 2003ን ካልኦት ተመሳሰልቲ መሕንቖ ቢላትን ምስ መላእ ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካን ካልኦት ወገናትናን ብምኻን ንኽንቃለስ፣
6. ዓሰርተታት ኣሽሓት ክቡር ህይወቶም ዝገበሩሉ ዕላማታት ምስፋን ሰላም፣ ምጉልባት ፍትሒን ዴሞክራሲን ምጥፋእ ድኽነትን ምጥንኻር ልምዓት ሃገርን ንኽሳኻዕ ነዊሕ ጉዕዞ ስለዝፅበየና ኩለና ተጋሩ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ሕድሮም ከየዕበርና ንኽቅበልን ንኹሉ ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ ብስም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ናይ ክብሪን ህዝባዊ ፍቕሪን ፃውዒትና ነቕርብ፡፡

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!
ሓድነትና ውሕስነት ዕብየትና እዩ!!
ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ(ማ.ተ.ሰ.ኣ)
ዋሽንግተን ዲሲ February 23,2008